በስመአብ ወወልድ ወመንፈስቅዱስ አሐዱ አምላኽ



ቅድስቲ ጾጢኒ

ሓዋርያዊት ኣደ

ንገሊኦም ወንጌል ምስባኽ ከም ከቢድን ኣብ መዓልታዊ ሕይወትካ ከተማልኡ ዘይትኽእልን ዕዮ ኮይኑ ይረኣየኦም። ንገሊኦም ከኣ ንኻልኦት ብዛዕባ ክርስትና ምስባኽ ዘሕንክን ምእዚ ወሎዶ ዘይከይድን ኮይኑ ይስመዖም።መብዛሕትኡ ሰብ ከኣ ብዛዕባ እታ ስብከት እትብል ቃል ክሓስብ ከሎ እቲ ብመጀመርታ ብልጭ ዝብሎ ሓሳብ እንተልዩ ሓደ ካህን ወይ ጳጳስ ንሓደ እኩብ ሰዓቢ እምነቱ ዝኾነ ሕዝቢ ክሰብኽ እዩ። ኣብ መገዲ ኣብ ስርሕ ቤት-ትምህርቱ ብሃንደበት ንእንረኽቦም ክንሰብኽ ኣብግምት ኣይነእቱን ኢና።እዚ ኣተሓሳስባ ግን ግቡይ ሙኺኑ በታ “እታ ሳምራዊት ሰበይቲ” ብዝብል እትፍለጥ ቅድስቲ ጾጢኒ ተመስኪሩ እዩ።



ቅድስቲ ጾጢኒ እታ ኣብ ዒላ ያዕቆብ ምስ ክርስቶስ እተዛረበት ሳምራዊት ሰበይቲ እያ(ዮሓ 4፡4)። ጾጢኒ ማለት ትርጉሙ “ብርሃን” ማለት እዩ።እዚ ከኣ ካብ ብርሃን ዓለም ክርስቶስ ብርሃን ተቐቢላ ኣብ ዝኸደቶ ነቲ ብርሃን ከተብርህን ከተስፍሕን ብምኻላ እዩ። ማይ ክትወርድ እያ መጺኣ፡ ካብቲ ሓቀኛ ዒላ ማይ ሕይወት ምስ ረኸበት ግን ነቲ ግዜያውን ነገራውን ዝኾነ ማይ ገዲፋቶ እያ ከይዳ(ሓደ ሰብ ብመንፈስ እንተደኣ መሊኡ ንግዝያዊ ነገራት ሸለል እዩ ዝብሎም)። እቲ እቶም ሓዋርያት ዝገበርዎ እታ ሰበይቲ ውን ገበረቶ። እቶም ሓዋርያት ምስ ተጻውዑ መርበቦም ገዲፎም እዮም ዝኸዱ። ሓደ እኳ ክትሰብኽ ዝሓበራ ዘየለ፡ ብመንፈስቅዱስ ተደሪኻ፡ ዕትሮኣ ሓዲጋ ናብ ጎደና ሓዋርያነት እያ ዘምርሐት። ከም እኒ እንድርያስን ፍሊጶስን ሓደ ወይ ክልተ ሰባት ኣይኮነትን ጽዊዓ እንታይ ደኣ ንብዘለዉ ሰብ እታ ዓዲ እያ ዘለዓዓለቶም ናብ ክርስቶስ ኸኣ ኣምጻቶም። እዚ ኸኣ ዝነበራ ፍቅርን ጥበብን እዩ ዘርኢ።

ብቅጽበት ነቲ ናይ ሓጢኣት ህይወታ ሓዲጋ መልእኽቲ ክርስቶስ ናብ ስድራቤታን ሕብረተሰባን እያ ከተብጽሕ ዝጐየየት። ድሕሪ ምውራድ መንፈስቅዱስ ንሳን ኣናቶለ፡ ፎታ፡ ፎቲስ፡ ፓራስኮቪ፡ቅራቂ ዝተሰምያ ሓሙሽተ ኣሕዋታን፡ ዮሲያስን ቪክቶርን ዝተባህሉ ክልተ ደቃን ተጠመቑ። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ከኣ መሰኻኽር ክርስቶስ ኮኑ ንምሳሌ ከም ስምይርና ንዝኣመሰለ ዓድታት ናይ ኤስያ ማይኖር፡ ካርቴጅ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ መወዳእትኡ ውን ኣብ ሮማ። ኣብ ሮማ መግለጺ ዘይርከቦ ኣሰቃቒ ግፍዒ ካብ ንጉስ ኔሮ ረኪቦም እዮም። እቲ ግፍዒ ሕሱም ማህረምቲ፡ መርዚ ምስታይ፡ ማእሰርቲ፡ ከተስድዕ ምፍታን ዝርከቦ መወዳእትኡ ውን ናይ ሞት መቐጻዕቲ ነበረ። እዞም ኣመንቲ ነዚ ግፍዒ እዚ እና ተጻወሩ ከም ቅዱስ ሰባስቲያን ንዝኣመሰሉ መሳፍንቲ ናይ ኔሮንን ንጓሉ ቅድስቲ ኣንትሆሳን ከምኡውን ናይ ኔሮን ጠንቋላይ ንዝነበረ ቅዱስ ዞኦክሊቶስ ከእምኑ ከኢሎም እዮም። እዚኣቶም ውን መውዳእትኡ ብሰማዕትነት ሓሊፎም እዮም። ቅድስቲ ጾጢኒ ኣብ ቅብጣዊት ቤተክርስቲያን ግብጽን ካልኦት ኦርቶዶክሳውያን ቤተክርስቲያንን ክብሪ ዘለዋ ቅድስቲ እያ። እቲ ኣብ ክርስቶስ ዝነበራ ዓሙቕ ፍቕሪ ንዝረኸበቶ ኩሉ ምድሓን ኣምላኽ ክትሰብኽሉ ጥበብን ትብዓትን ሂብዋ እዩ። ዓለም ከም ሓንቲ ዘይትረብሕ ሰብ ቑጺራታ ንዝነበረት ጾጢኒ ፍቕሪ ክርስቶስ ብስብኸተ ወንጌል ኣቢሉ ዜናኣ ኣብ ኩሉ ክንገር ኣኽኢልዋ እዩ። ሓደ ሰብ ነቲ ሓቀኛን ቅኑዕን ዝኾነ እምነት ከስፍሕን ኪሰብኽን ናይ ቤተክርስቲያን ማዕርግ ኪህልዎ ግድን ኣይኾነን። ዕዮ ወንጌል ዕዮ ኩልና እዩ። እቲዘድሊብፍቐሪ ክርስቶስ ዝተቓጸለ ልብን ብዛዕባ እቲ ዘደንቕ ኣምላኽካ ከተዘንቱ ክትነግር ምድላይን እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ እዚ ነገር ከምዚ ኢሉና ኣሎ “እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ፡ ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም።”ማቴ 9:37 ሎሚ እምበኣር ብመንፈስ ተላዒልና ክርስቶስ ብርሃን ዓለምን ሓቀኛ ኣምላኽን ምኳኑ፡ ንኩሉ ሰብ ክንሰብከሉ ዝግበኣና ጊዜ እዩ።

ግብ 20:24 ጕያይን ብጐይታና ኢየሱስ እተቐበልክዎ መልእኽተይን ክፍጽም፡ ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ እናመስከርኩ ሕይወተይ ውን ብኣይሲ ኸም ክብርቲ ገይረ ኣይርእያን እየ።

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስቅዱስ ኣሓዱ ኣምላኽ

ግብ 20:24 ጉያይን ብጐይታና ኢየሱስ እተቐበልክዎ መልእኽተይን ክፍጽም፡ ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ እናመስከርኩ ሕይወተይ ውን ብኣይሲ ኽም ክብርቲ ገይረ ኣይርእያን እየ።